# በየናይ መንገዲ ቋንቋ ጀርመን ክመሃር እኽእል ?

ASYL Plus

ዝኸበርኩም ተኻፈልቲ !

እንኳዕ ናብ ዓዲ ጀርመን ብደሓን መጻእኩም፤ እንኳዕ ከአ ብሐገዝ ናይ ኮምፒዩተር አብ ዝወሃብ ትምህርቲ ብደሓን መጻእኩም !

ኮምፒዩተር ብምጥቃም ብገዛእ ርእስኻ ቋንቋ ጀርመንን ካልእ ተወሳኺ ፍልጠትን ንምድላብ ዘኽእሉ ዝተፈላለዩ ናይ ኮምፒዩተር መሳርሒታት ቀሪብናልኩም አለና።

- ○ መባእታዊ አስተምህሮ ንጀመርቲ (ቀዳማይ ክፍሊ)
- ○ ቀዳማይ ደረጃ ንዝወድኡ ዝወሃብ አስተምህሮ (ካልአይ ክፍሊ)
- ○ ተወሳኺ አካዳሚካዊ ትምህርቲ

1ይ ደረጃ : እዚ ክፋል እዚ ቋንቋ ጀርመን ብዝተፈላለያ 50 ቋንቋታት ንምምሃር የኽእል።

አጠቓቕምኡ ከአ ከም ዝስዕብ ይኸውን፣

- ○ ቋንቋኻ አብ ዝርከበሉ ጠውቕ።
- ○ ቋንቋ ጀርመን መሪጽካ ጠውቕ።
- ○ ድሌትካ ምረጽ፤
  - አዘራርባ (ምሉእ ዓረፍተ ነገር)
  - ቃላት (ምስ ስእላዊ መግለጺ )
- ○ ካብዘን 100 ዝኾና ዛዕባታት ዘድልየካ ምረጽ፣
- ○ ቅድሚ ምጅማርካ ናይ እዝኒ መስምዒ ተጠቀም፤
- ○ ሐጋዚ ምኽሪ፤
  - አገዳሲ ኮይነን ዝራአያኻ ቃላት ፈሊኻ መዝግብ
  - ነቲ MP3 ፋይል አብ ሞባይልካ ጽዒንካ ብቀጻሊ ልምምድ ግበር።

2ይ ደረጃ :
እዚ ክፋል ትምህርቲ ናይ ቋንቋ ምስክር ወረቐት ንምርካብ ይሕግዝ።

አካዳሚ፣
አብዚ ምዕራፍ'ዚ ዝተፈላለዩ አገደስቲ አስተምህሮታት ትረክብ፤

- ○ ናይ ቋንቋ ልምምድ፤
  - ○ ተወሳኺ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ
  - ○ ሰዋስው
  - ○ ጽሕፈት
  - ○ መዝገበ ቃላት
- ○ አስተምህሮ ብዛዕባ ናይ ጀርመን ባህልን አነባብራን፤
- ○ አብ ቤት ትምህርቲ ንምእታው ዘብቅዕ ምቅርራብ፤
- ○ አብ ዝለዓለ ትምህርቲ ንምእታው ዘብቅዕ ምቅርራብ፤
- ○ ስራሕ ንምድላይ ዝሕግዙ ሐበሬታታት፤
- ○ ወዘተ